# መበል 11 ሥእሊ

## ጎ.ኢ..ክ. ኣብ ዕንፀይቲ መስቀል ከም ዝተሸንከረ የተሓሳስበና።

መበል 11 ምዕራፍ ነቲ ጎ.ኢ..ክ. ኣብ መስቀል ዝተኻነፎ ተተሓሳስበና።ኣብዚ ክብሩ ዝተቐንጠጠሉ ምስ ክልተ ዓመጽቲ ኣብ ማእከሎም ክስቀል እንከሎ ብኹሉ ውርደት መከራ ከምዝተቐበለ ይነግረና። ኣብ ከምዚ ኩነታ እንከሎ ኸአ ኦ ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ እቕረ በለሎም ክብል ጸልዩ። ኣብ መስቀል ትምህርቲ ፍቕሪ ሂቡ።

ንኢየሱስ ኣብ ቀራንዮ ዘብጽሖ ፍቕሪ ደቂ ሰብ እዩ። ኣብ መስቀል እንከሎ ዝበሎም ኩሎም ቃላቱ ኩሎም ዘርእዮም ምልክታት ናይ ፍቕሪ እዮም። ክልቲኡ ኣእዳዉ ኣብ መስቀል ክዝርግሕ እንከሎ ኣምሳል ናይ እቲ ንኹሎም ደቂ ሰብ ንምቕባል ዘርእዮ ፍቕርን ጻዊዕትን እዩ።

እዛ ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ከምዘልኣ ክንርእያ እንከሎና መጸዋዕታ ንድኅነት፥ ንፍቕርን ተስፋን ኣብዛ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተሰቢራ ዘላ ዓለምና እያ። ኣብ ካቶሊካዊ እምነትናንን ባህልናን ፍኖተ መስቀል ሓደ ካብቲ ዝበለጸን ዝልዓለን ኣምልኾ እዩ። በዞም 15 ምዕራፋት ንገዛእ ርእስና ኣብቲ ዝለዓለ ሁመት ናይ ክርስቶስ ሕማማት እንተኩረሉ ኮይኑ ነቲ ኣካላዊ ስቓያቱ ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ምእንቲ ድኅነት ኩልና ኢሉ ክሳብ ክንድዚ ዘብጽሖ ፍቕሪ ክሳብ ንገዛእ ርእሱ ከወፊ ዝገበሮ ነስተንትን።

መበል 11 ምዕራፍ ኢየሱስ ኣብ ዕፀ መስቀል ምሽንካሩ እዚ ዝልዓለ ፍጻሜ ኣብዚ ጉዕዞ ስቓይን ድኅነትን እዩ። ኣብዛ ምዕራፍ ተሎጋዊ መለለዩን ከምኡ ኣብ ገዛእ ሕይወትና ዘለዎ ግሉጽነት ርኢና ነቲ ሓዲሲ ለዋጢ ሓይሊ መስዋዕቲ ክርስቶስ ክነስተንትን ይዕድመና።

### ታሪኻዊን ናይ ቅ. መጽሓፍ መሰረትን ናይ እዛ መበል 11 ምዕራፍ።

ኣብ መስቀል ምስቃል ብኢየሱስ ዝተጀመረ መቕጻዕቲ ኣይኮነን። ኣብ ብዙሓት ሃገራትን ህዝብታትን ንሰባት ከቢድ መቕጻዕቲ ክትቀጽዖም ምስ ደለዩ ሰብ ሓላፍነት ዘዝውትርዎ ከምዝኾነ መዛግብ ታሪኽ ይነግሩና።

ንሰባት ኣብ መቀል ብሞት ምቕጻዕ ናይ ሮማውያን በቲ ጊዜ ዝነበረ መቕጻዕቲ እዩ። እዚ ግን ነቶም መዘና ዘይብሉ ግፍዒ ዝፈጸሙ ወይ ንብዓል ስልጣን ኣብስልጣኑ ዝወዳደርዎ ዝፈጸም ዝውሃብ መቕጻዕቲ እዩ። ጨካን መቕጻዕቲ ነቲ ገበነኛ ብሞት ክቕትልዎ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ዝተሓደ ውርደት ሕስረት ክወርድን ከምኡ ካልኦት ኣብ ናዕቢ ወይ ዓቢ ገበን ከይወፍሩ ንመምሃሪ ክኸውን ዝግበር እዩ። ኢየሱስ ንጹሕን ወላ ሓንቲ ኣብዚ ዘብጽሕ ገበን ኣይገበረን ካብ ጽልእን ፍርሕን ዝተላዕለ ግዳይ ናይ እዚ ግፍዒ ኮይኑ።ብጲላጦስ ጴንጠናዊ ነዚ ስቓይ ምስ ፈርደ ኹሉ ሕሰምን ስቓይን ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ተፈጺሙ።

ወንጌላውያን ኩሎም ነዚ ፍጻሜ ብብርቱዕ ስቓይን ውርደትን ከምእተፈጸመ ዘርዚሮም ይገልጽዎ። ኣብ ሉቃስ 23፡33 ከምዚ ዝብል ነንብብ *ቀራንዮ ኣብ እትብሃል ሥፍራ ምስ በጽሑ ኣብኡ ሰቐልዎ ነቶም ገበርቲ ኽፉእ ከኣ ሓደ ብየማኑ ሓደ ብጸጋሙ ሰቐልዎ*።እዚ ጥቕሲ ዓሚቕ ተሎጋዊ ትርጉም ሒዙ ይርከብ። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ብሽንኻር ጥራሕ ኣይ ኮነን ተሰሚሩ እንታይ ድኣ ኣብ መንጎ ክልተ ኃጢአተኛታት እውን እዩ ተሰቒሉ እዚ ኸአ ኣምሳል ናይ እቲ ምእንቲ ኹሎም ደቅ ሰብ ወላ እቶም ካብ ኣምላኽ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ርሒቖም ንዘለዉ ከድሕን ኢሉ ንዝገበሮ የመልክት።

እቲ ኢየሱስ ብሸንካር ኣብ መስቀል ዝተሸንከሮ ኣካላዊ ፍጻሜ ጥራሕ ኣይ ኮነን እንታይ ድኣ መንፈሳዊ ፍጻሜ እውን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሸንካር ኣብ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ዝተሸንከሮ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ንጊዜን ቦታን ኲንኡ ዝጥመት ንኣና እውን ዝበጽሓና ዘመልክት እዩ።

ኢየሱስ ብሸንካር ክውጋእ እንከሎ ክሳቐ ክግዕር እንከሎ ብዙሓት ይርእይዎ ነሮም። ኣዲኡ ገለ ካብ ሓዋርያትን ከምኡ ሕያዎት ኣንስቲ ዝስዕባኦ ዝነበራ ይርእያ ነረን፥ ከምኡ እቶም ጨካናት ወተሃደራት፥ ካብ ፈሪሳውያን ከምኡ ሓፋሽ ህዝቢ እውን ነሮም። እዚ ፍጻሜ ሓደ ይኹን እምበር በብርዲኢቶም ይዕዘብዎ ነሮም። እቶም ናቱ ነቲ ዝፍጽሞ ዘሎ ናይ ድሕነት ስራሕ ይርእዩ ነሮም። እቶም ዘይናቱ ኸኣ ተዓዊትናሉ ኣጥፊእናዮ ይብሉ ነሮም። ኢየሱስ ግን ብሱቕታ ይስዋእ ነሩ። ኣብዚ ንነፍሲ ወከፍና ዝብሎ ኣለዎ ስቓይ መወዳእታ ኣይ ኮነን፥ ክንጽመም ክንሓልፎ ዘሎና የዘኻኽረና። ከምኡ ንእንርእዮ ብምስትውዓልን ብልቦናን ክንርእዮ ይግባእ። ስምዒት ትዕቢት ክፍኣት ንልብና ይዓጽዎ እዩ። እዚ ታሪኻዊ ፍጻሜ ሞት ኢየሱስ ሎሚ እውን ኣብዙሓት ብዝተፈላለየ መገዲ ክድገም ንርእዮ ኣሎና።

ተሎጋዊ ትርጉም፡ ፍቕሪ እታ ንጽልኢ እትስዕር።

መበል 11 ምዕራፍ ምስጢር መለኮታዊ ፍቕሪ ክነስተንትን ይዕድመና።ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ብገዛእ ፍቓዱ እምበር ሓደ ዝገደዶ ዘይብሉ ኣብ መስቀል ክሽንከር ፈቒዱ። እዚ ኸኣ ካብቲ ምስ ሰማያዊ ኣብኡ ዘለዎ ፍቕርን ተኣዝዞን ኣብ ደቂ ሰባት ዘለዎ ተኣዝዞን ዝምንጩ እዩ።ቅ. ጳውሎስ ነዚ ኣብ መልእኽቲ ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ 2፡8 ንርእሱ ትሕት ብምባል ክሳብ ሞት ኣረ እኳ ደኣ ክሳብ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ እናበለ ይገልጾ።እዚ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ወዲ/ጓል ሰማይ ምእንቲ ክንከውን እዩ። ድሕነትና ብደም እንስሳ ዘይኮነ ብደም ወዲ ኣምላኽ ዝኾነ ምኺኑ ተረዲእና ዓቢ ዋጋ ክንከፍለሉ ኣሎና።

ኣብዚ ፍጹም ተኣዝዞን ብምሉእ ኢድካ ብምሃብ ኢየሱስ ንመስቀል ትርጉሙ ቀይርዎ እቲ ናይ ስቓይን ሞትን ምልክት ዝነበረ ኣብ ምልክት ሕይወትን ድኅነትን ለዊጥዎ። ነፍስወከፍ መስማር ኣብቲ ዕንጨይቲ ዝተሸንከሮ ናይ ድኅነት ተግባር ምእንቲ ኃጢኣትና ዝተኸፍለ ዋጋ እዩ። እንተ ኾነ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና እዚ ዓብይ ዋጋ ምእንታና ዝተኸፍለ ብሓቂዶ ይስቆረና ኣሎ። መልእኽቲ መስቀል እዚ እዩ። ኵልና ምእንታና ዝተኸፍለ ዘኪርና ክንክእል።

ደቅ ሰብ ረሳዕቲ ወይ ንነገራት ንለምዶም እሞ ሽዑ ክብሮም ዕብየቶምን ንዝንግዖ። ንኣብነት መስቀል ወላ እውን ዘይኣምኑ ከም ሓደ ናይ ዘመና ፋሽን ወሲዶም ኣብ ክሳዶም ይገብርዎ፥ ንኣኦም ከም ሓደ መመልክዒ እዩ። ኣብ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ጎል ዘእተወ ምልክት መስቀል ዝገብሩ ብዙሓት እዮም ክንደይ ካብኦም እዮም ብእምነት ናይ ምስጋና ገሮም ዝርእይዎ። ክንጥንቀቐሉ ኣሎና። ንለምድ እሞ ብልምዲ ጥራሕ ንገብሮም፥ እዚ ትርጉም የቐይሮ። መስቀልና ግን እቲ ምእንቲ ድኅነትና ዝተቐለ መድኃኒና ዝገበሮ ዘመልክት ክቡር ምልክት እዩ።

እንነብራ ዓለም ብምምቕቓልን ብዓመጽን ንኣይ ይጥዓመኒ ዝመልኣት እያ፥ በዚ ኸኣ ሰባት ተፈላልዮም ተመቓቒሎም ይነብሩ። ነዚ ክንቅይር ኣብ መስቀል ምጥማት የድልየና ምኽንያቱ መስቀል ክርስቶስ ዘዘኻኽሮ ፍቕሪ ካብ ጽልኢ ዝዓበየ ከምዝኾነ እዩ። ኢየሱስ ነቶም ዝሰቐልዎ ዝነበሩ ብሕርቃን ብጽልእን ኣይ ኮነን ዝምልሰለሞ ዝነበረ ብኣንጻሩ ክሳብ ኣብዚ እዋና ዓሚቕን ተንካፍን መልሲ እዩ ሂቡ። ኦ ኣቦ ዚገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ኅደገሎም (ሉቃ 23፡ 34)።እዚ ንጹርን ዘየማትእ ኅድገት ንነፍሲ ወከፍና ኣብ ሕይወትና ብፍላይ ዘይፍትሓዊ ወይ በደል ኣብ ልዕለና ክፍጸም እንከሎ ፍሉይ መጸዋዕታን ኣብነቱ ክንክተል ዝዕድም እዩ።

ኣብ ርእስና እስከ ንመለስ ሰባት እንተ በደሉና ኣብ ልዕልና ዝዓበየ በደል እንተ ፈጸሙ መልስና ከመይ እዩ። ብዙሓት ሕነና ክንፈዲ ወይ ክንፈዲ ዓቕሚ እንተ ዘይብልና ተቐይምና ነቲ ሰብ ክንርእዮ ወይ ክንሓስቦ ኣይንደልን። ኣብ ልብና ከቢድ ጽልኢ ሒዝና ክነብር ንመርጽ። እዚ ግን ብነፍስን ብሥጋን ይጎድኣና። ኣብ ኢየሱስ ንመለስ ኣብ ምሕረትን ሕድገትን ተመሊስና ንፍቕሪ ንልበሳ። ክተፍቅር እሞ ንዝበደለካ ወላ እኳ ከቢድ እንተ ኾነ ዓወት ኣብ ምሕረት እዩ እሞ ምሒርና ንመሓር።

ኵሉ ጊዜ ዝሓድግ ዝምሕር ኣብ ርእሱ ሰላም ህድኣት ኣለዎ። ከምቲ ከቢድ ስኽም ዝኸብድ ምስ ሰብ ምቅያም ምጽላእ ከቢድ ሰከም እዩ፥ ክንሓድግ ክንምሕር እንከሎና መጀመርያ ንገዛእ ርእስና ኢና ንምሕር ዘሎና ድሕሪኡ ንዝበደሉና።ክምህር ዘይክእል ተቐያማይ ሰላም የብሉን፥ ክድቅስ ክትንስእ ልቡ ህዉኽ ክፉእን ንምግባር ቅልጡፍ ምስ ኩሉ ይላኸፍ። ዓቢ ሕማም እዩ፥ ኢየሱስ ካብዚ ክንሓዊ ኢሉ ትርጉም መስቀል ምሂሩና።

መበል 11 ምዕራፍ ብናይ እዋና ኣረኣእያ ክንርእዮ ከሎና።

ሎሚ ምስሊ ስቕለት ኢየሱስ ንዓለምና እታ ንንጹሓት ብዘይ ሓደ በደል እትሰቅል፥ ግፍዒ ክወርድ ስቕ እትብል፥ ሰባት ክሃልቁ ንእተስቅት ዓለም መስቀል ክርስቶስ ዓቢ ብድሆ እዩ ዘቕርበላ።እንነብራ ዓለም ኣብ ነንድሕዳ ትባላዕ ኣላ፥ ሃገር ንሃገር ክተጥፍእ ከምኡ ሰባት ተመቓቒሎም ሓደ ንሓደ ከጥፍእ ኣብ ዝፍክረሉ ዘሎ እዋን መስቀል ፍሉይ መልእኽቲ ኣልኦ። ዓለም ንንጹሓት ንሕጻናት ሓንቲ ዘይገበሩ ኣህዛብ ክቕተሉ ክጭፍጭፉ ብዓይንና እንርእዮ ዘሎና ናይ እዋና ከቢድ ጸገም እዩ። ሰብ ልቡ ዓጽዩ ኣብ ጥፍኣት ሓዉ ዝወፈረ እዩ ዝመስል። ናይ ካልኦት ግፍዕን ዓመጽን ኣይንታይነተይ ኣብ እትብል ዓለም ሓዲስ መልክዕ ስቕለት ኢና እንርኢ ዘሎና። መበል 11 ምዕራፍ ግዳያት ኮፍ ኢልና ጥራሕ እንርኢ ክንከውን ኣይትደልየናን እያ፥ እንታይ ድአ ኣብነት ክርስትስ ተኸቲልና ብፍቕርን ብርትዕን ክነብር እዩ ዝድለ ዘሎ።

ዘመና ፍትሒ ዝጎደሎ ኮይኑ እዩ ዝርአየካ፥ ሰብ ፍርሒ ድዩ ጥቕሚ ድዩ ንሓቂ ንፍትሒ ረጊጹ ዘይከውን ክገብር ትርእዮ፥ ዝገደደ እቲ ክፉእ ዝገብር ክዕወትን ክሓልፈሉን ይርአ እዚ ንብዙሓት ፈተና ኮይንዎም ኣሎ። ንኣብነት ቅድሚ ቃል ኪዳን ብሓንሳብ ምትእኽኻብ ልሙድ ኮይኑ፥ ቃል ኪዳን ምድታሕ ልሙድ ኮይኑ፥ ካልእ ዝተፈላለየ ኃጢአት ለሚድናዮ ብሓቂ ዘህስብ እዩ። ኣብ መስቀል እስከ ንጠምት።

መበል 11 ምዕርፋ ዓው ኢላ ነቲ ክንኮኖን ክንገብሮን ዘሎና እትዛረብ ምዕራፍ እያ። ኢየሱስ ኣብ ሓፍ ዝበለ ቦታ ተሰቒሉ ኩሎም ርእዮሞ፥ እዚ ንሕና ኣመንቱ ግብርና ዝርአ ዝቕይር ክንገብሮ ከምዘሎና ዘዘኻኽር እዩ። ክርስትያን ተዓዛቢ ጥራሕ ምስ ኮነ መይቱ እዩ። ብውሽጥና ተሓዲስና ምእንቲ ሓቅን ርትዕና ደው ክንብል ይደልየና ኣሎ።

ኢየሱስ ኣብ ሓፍ ዝበለ ቦታ ክልዕል ይደሊ። ኣብ ወንጌል ኣብ ደብረ ታቦር ኣብ ኣብ ደብረ ጽዮን ከምኡ ኣብ እምባ ኮይኑ ዝሃቦ ትምህርቲ ብጹኣን ነዳያን ከምኡ ዓቢ ፍጻሜ ኽገብር እንከሎ ኣብ እምባ ኣብ ጽሙው ቦታ ኸይዱ ይጽሊ ከምዝነበረ ኣብ ወንጌል ንረኽቦ። በዚ እዩ ዝመስል ኣብ ገዛውትና ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ከምኡ ገዳማትና ኣብ እምባታት ይስርሑ። ሓፍ ዝበለ ቦታ ኩሉ ክርእዮ ዝኽእል ኣብኡ መስቀል ንገብር። ኣብ ዓለም ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኣብ ነዋሕቲ እምባታት ምልክት መስቀል ይርከብ። ኣብ መጂጎሪ Cross Mountain ዝብሃል ኣሎ። ኣብ ዓድና ኣብ ምሕላብ ሮራ መንሳዕ ኣብ ሓፍ ዝበለ ጎቦ መስቀል ኣሎ። እዚ ኹሉ ኢየሱስ ክርአ እሞ ኣብ ልብናን ሕይወትናን ክነግስ ማለት እዩ።

ኢየሱስ ሎሚ ኣብ ሓፍ ዝበለ ጥራሕ ዘይ ኮነ ኣብ ኩሉ ኣብ ስራሕና ኣብ ቤት ትምህርትና ኣብ ኣብያተ ብልዕና ኣብ ወተሃደራትና፥ ኣብ ባህልና ኣብ ቋንቋና ኣብ ኩሉ ክህሉ ይደሊ።መስቀል ክርስቶስ ኣብ ኩሉ ከምዝርአ እንገብር ንሕና ኢና።

ምልክት መስቀል ልዒሊ ዝኾነ ነገር እዩ ልዕሊ ስድራና ደቅና ንሱ ኩሉ እዩ መሰረትን ምንጭን ናይ ኩሎም እነፍቅሮምን እዩ።

ዘሎናዮ ዘመንን ባህልን ኣብ ግዝያዊ ዓወትን ስልጣንን ጥራሕ ዘድሃበ እዩ በዚ ኸአ ዓመጽ ግፍዒ ክፍአት በዚሑ ይርአ። ብኣንጻሩ መስቀል ክርስቶስ ዝምህረና ሓቀኛ ክብሪ ወይ ዕብየት ኣብ ኣገልግሎትን ንገዛእ ርእስኻ ብምሃብን እዩ ዝርከብ። ዕፀ መስቀል ዝሕብረና ሓቀኛ ፍቕሪ መስዋዕትነት ከም ዝሓትት እዩ። እዚ መልእኽቲ ብዝያዳ ግልጽ ዝኸውን ኣብቲ ሓጎስ ወይ ምቾት ኣብ ግዝያውን ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ንግዚኡ ኣብ ዝርከብ ዘተኮረ ክኸውን እንከሎ እዩ። ወይ ከአ ብዙሕ ንዋይ ወይ ንብረት ኣብ ምእካብ እዩ ዝርከብ ኣብ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ዘልኦም እዩ ዝርከብ። መስቀል ነባሪ ሓጎስ ኣብ ፍቕሪ ኣብ ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረና እዩ ዝርከብ።

**መንፈሳዊ ኣስተንትኖ፡** ኣብ መስቀል ዝተሸንከረ ኢየሱስ እንታይ ይብለና ንነፍሲ ወከፍና?

መበል 11 ምዕራፍ ክነስተንትን ከሎና ንገዛእ ርእስና እንሓቶ ሕቶታት ኣሎና፥ እዚ ኸአ እምነትናን ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብን ምእንቲ ከነዕሙቕን እዩ።

1. ንድሕነተይ ዝተኸፍለ ዋጋ ኣፍልጡኡ ኣሎኒዶ? ነፍሲ ወከፍ ሸንካር ንኢድን እግርን ኢየሱስ ዝወግአት ኣባይ ዘለዎ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ምእንታይ እዩ። ነዚ ኣብ መዓልታዊ ሕይወተይ ከመይ ኢለ እየ ዝመልሶ?

2. ከምቲ ክርስቶስ ዝመሓሮ መሓሪ ድየ? ኢየሱስ ኣብ መስቀል እንከሎ ዘርአዮ ናይ ምሕረት ቃል ንነፍሲ ወከፍና ኣርኣያን ክንክተሎ ዘሎና እዩ። ነቶም ዝበደሉኒ ክምሕሮም ፍቓደኛ ድየ ወላ እቲ በደል ከቢድ እንተኾነ። ንብዙሓት ጸገምና እዚ እዩ። ኣብ ሰብ ሓዳር፥ ኣብ ዓዕሩኽ፥ ኣሕዋት ነባር ቂምታ እንመርጽ ውሑዳት ኣይ ኮናን። እዛ ምዕራፍ ክንሓድግ ትነግረና። ምሓሩ ክትምሓሩ።

3. ናይ ገዛ ርእሰይ መስቀል ከመይ ገረ እየ ክጾሮ ዘሎኒ? ኢየሱስ ናይ ገዛእ ርእስና መስቀል ጾርና ክንክተሎ ይነግረና (ማቴ 16፡24)። ኣብ ሕይወተይ ክጾሮ ዘሎኒ መስቀል ኣሎኒዶ? እንተ ሎኒ ብእምነትን ብተስፋን ከመይ ገረ እጾሮ። ንዝተዋህበካ መስቀል ብምቕያር ወይ ብምሕዳግ ኣይተፍኩሶን ኢኻ። መስቀል ክንጾሮ እንተ ኸበደኒ ኸአ ሓግዘኒ ኢለ ክልምን እዩ ዝግባእ። ኣብ ሕይወት ንዝገጥም መስቀል ክንጸውር ከሎና መጨረሽትኡ ዓወት እዩ። ኣብ ቀራንዮ ዝተሰቕለ እዩ ትንሣኤን ድኅነትን ኣምጺኡልና። ጸወርቲ መስቀልና ንኹን።

**መዛዘሚ፡** መጸዋዕታ ንምምላስን ተስፋን።

መበል 11 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ናይ ሓደ ታሪኻዊ ፍጻሜ መዘኻኸሪ ጥራሕ ኣይ ኮነን፥ ሕይወትና ብመንጽር ፍቕሪ ክርስቶስ ክንቅይር ከም ዘሎና እዩ ዘዘኻኽር። ናይ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ምሽንካር ዝሕብሮ ስቓይ ናይ መጨረሻ ከምዘይኮነ እዩ። ብሞቱ ኣፍደገ ትንሣኤን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ገሊጹልና።

ዓለምና ብዙሕ ጊዜ ጸልማትን ተስፋ ቊርጸትን ዝጎልበባ ኮይና ኣብ እትርእ መስቀል ክርስቶስ ናይ ብርሃን ተስፋ እዩ። መስቀል ዘዥኻክረና ወላ ኣብቲ ከቢድን ጽንኩርን እዋን ኣምላኽ ፍቕሩን ጸግኡን እናሃበ ምሳና ከምዘሎ እዩ። እዚ ምዕራፍ ነቲ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ዝተሸንከሮ ዘኪርና ኣብ ውሽጥና ዓብን ዓሚቕን እምነት ተስፋን ፍቕርን ኣሕዲርና ነቲ ናይ ድኅነት መልእኽቱ ኣብ ነፍሲ ወኮፍ ኩርናዕ ዓለም ክነብጽሕ ዘበራጥዕን ዘዥኻኽርን እዩ እሞ ብልብና ነስተንትኖ።

በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኹሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኽረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ (ዮሓ 3፡16)። እዚ እዩ እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ናይ 11 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል። ካብ ኹሉ ዝዓበየ ፍቕሪ ንኹሉ ዝቕይር ጸጋ እዩ።ነዚ ክንቅበሎን ክነብሮን ፍቓደኛታት ዲና?

ምእንቲ ድኅነት ነፍስናን ዘመና መንፈስ ክወርዶን ክቕየረልናን ምስ ኢየሱስ ክንስቀል እዋኑ እዩ። እዚ ማለት ከአ ካብ ኃጢአት ካብ ልምዳዊ ክፍኣትናን ኣመልናን ክንስቀል ኣሎና። መስቀል ዘይብሉ ሕይወት ክርስትያን ዝዝሓለ እምነት ዘለዎ እዩ። መስቀል ኣብ ኩሉ ክህልወና እዩ ተሰኪምና ንኸእሎ።

እምብአር እዚአ መበል 11 ምዕራፍ ፍኖተ መስቀል ንኹሎ መልእኽቲ ድኅነትና ዝሓዘት ስለ ዝኾነት ብዕምቆት ነስተንትና። ኢየሱስ ምእንታይ ኣነ ክቕደስ ሰላም ክረክብ ዓለምና ፍቕርን ሰላምን ክነግሶ ዝኾነ እዩ። ነዚ ኣስተንቲና መመስቀልና መጋበር ድሕነትና ንግበሮ። ብመስቀል ኃጢአትና ኣንጺሑ ምሕረቱ የውርደልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።